ኤርትራ/ERITREA

*ህዝባዊ መኸተ - ንሰላም ልኡላውነት ፡ ልምዓት*

*Hizbawi Mekete – für FRIEDEN : SOUVERÄNITAT und ENTWIKLUNG*

**መግለጺ ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ፡**
**ንኣብ መንእሰያትና ዝወረደ ኣሰቃቒ ሓደጋ ኣብ ደሴት ላምፐዱዛ ( ኢጣልያ)**

ዕለት.10.10.2013

ብዕለት 03.10.2013 ኣብ ዜጋታትና ዝወረደ ኣሰቃቒ ሓደጋ ፡ ናይ ብዙሓት መንእሰያት ዜጋታትና ሂወት ብምህላቑ ፡ ንብዙሓት ስድራቤታት ብፍላይ ፡ ብዓቢኡ ከኣ ንምሉእ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ከቢድ ሓዘን ሸሚሙ ይርከብ ፡

እዚ ዘሕዝን ፍጻመ ምስ ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣጻምእ ሰሃራ ኣፍሪቃን ፡ ኣብ ጸጣሕ ጕላጕል ሲናይን ኣብ በበይኑ እዋናት’ውን ኣብ ማእከላይ-ባሕሪ ሂወት ዜጋታትና እናኣህለቐ ክመጽእ ዝጸንሐ ኮይኑ ፡ ዕላማኡ ብቀንዱ ንህዝቢ ኤርትራ በታቲንካ ህላወ ኤርትራ ዳግማይ ካብ ካርታ ዓለም ንምሕካኽ እቲ ካልእ ኣብ ልዕሌና ዝተሰንዘረ ወራር ምዃኑ እናትዓዘብናዮ ዝመጸ ጉዳይ እዩ ፡

- ትሓተትቲ ናይ’ዚ ህልቂት ዝኾኑ መወልትን ወደብትን ዘይሕጋዊ ስግረዶብ ( Human-trafficking ) ፡ ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ኣጥቢቕና ንኹንን፡
- ማሕበረ/ሰብ ዓለም ካብ ጓል መንገዲ ወሲዱ ሓሸውየ ዝብል ፡ ግቡእ ሓላፍነቱ ከልዕልን ፡ ንመስራሕቲ ዘይሕጋዊ ስግረዶብ ( Human-trafficking ) ፡ ብሕጊ ክሓትት ደጊምና ንጽውዕ ፡

ንግዳይ ናይ’ዚ ኣሰቃቒ ህልቂት ዝኾኑ መንእሰያትና ፡ ናይ ዘልኣለም ዕርፍቲ ፡
ንስድራቤቶም ጽንዓት ፡
ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ድርብ ጽንዓት ፡

ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ፡